

# ኣብ ግዜ ኮቪድ-19 ንእንስሳኹም ጥዕኑኡ ምሕላው

## ኮቪድን እንስሳታትን

ኩልና ብዛዕባ እቲ ኮቪድ-19 ዘምጽእ ቫይረስ ገና ንማሃር ኣሎና፡ ኮይኑ ግን ኣብ ገለ ኩነትታት ካብ ሰባት ናብ እንስሳ ክመሓላለፍ ዝኽእል ይመስል። ገለ እንስሳታት እንከላይ ደማሙን ኣኽላባትን ተመርሚሮም ነቲ ኮቪድ-19 ዘምጽእ ቫይረስ ፖዝቲቭ/ዘለዎም ኮይኖም ጸኒሖም፡ እዚ ድማ ዝበዝሕ ግዜ ምስ ኮቪድ-19 ዘለዎም ሰባት ድሕሪ ናይ ቀረባ ምትንኻፍ እዩ።

ዝተለኽፉ እንስሳታት ክሓሙ ይኽእሉ እዮም፡ ኮይኑ ግን ዝበዝሑ ፎኪስ ሕማም እዩ ዘለዎም ከምኡ ድማ ሙሉእ ብሙሉእ ድማ ይሓውዩን። ዝበዝሑ ዝተለኽፉ እንስሳታት ዝኾነ ምልክታት የብሎምን።

ኣብዚ ሕጂ እዋን እንስሳታት ምንጪ መልከፍቲ ኮቪድ-19 ንሰባት ሙኻኖም መርትዖ የሎን።



## ኮቪድ-19 እንተድኣ ኣለኩም ኮይኑ ወይ ናብ ኮቪድ-19 እንተዳኣ ተቓሊዕኩምን

ከምቲ ንዝኾነ ካልእ ኣባል ናይ ስድራኹም ካብ ተኽእሎ መልከፍቲ እትከላኸሉሎም ንእንስሳታት ድማ ከምኡ ጌርኩም ሓዝዎም።

- ካልእ ኣባል ስድራ ንእንስሳኹም ከም ዝከናኸን ግበሩ።
- እንተተኻኢሉ ንእንስሳታት ንደገ ኣይተውጽእዎም፡ ከምኡ ድማ እንስሳኹም ከም ድላዩክዘወር ኣይተፍቅዱሉ።

## እንተድኣ ንእንስሳኹም ክትከናኸንዎ ኣለኩም ኮይኑ

- ምስኦም ጥቡቕ ምቅርራብ ኣወግዱ (ሙሕቛፍ ምስዓም፡ ኣብ ሓደ ዓራት ምድቃስ)።
- ኣብ ጥቓኦም ክትኮኑ ከለኹም ማስክ ግበሩ።
- ቅድምን ድሕርን ንያኦም ምክንኻን ወይ ድማ ናቶም ኣቕሑ ድሕሪ ምትንካፍኩም ኣእዳውኩም ተሓጸ (መግቢ፡ ሸሓንታት፡ ባምቡላታት ወዘተ።)።

UNIVERSITY of WASHINGTON

Center for One Health Research

deohs.washington.edu/cohr

HEALTH SCIENCES LIBRARY
UNIVERSITY of WASHINGTON
University Libraries

hsl.uw.edu

*Developed resources reported in this publication are supported by the National Library of Medicine (NLM), National Institutes of Health (NIH) under cooperative agreement number UG4LM012343 with University of Washington. The content is solely the responsibility of the authors and does not necessarily represent the official views of the National Institutes of Health.*

## እንሳስኹም ዝኾነ ምልክታት እንተዳኣ ኣለዎ ኮይኑ

ምልክታት ኣብ እንስሳታት ድማ ን ሰዓል፡ ምህንጣስ፡ ምፍዛዝ፡ ናይ ምስትንፋስ ጸገም፡ ረስኒ፡ ናይ ኣፍንጫ ወይ ዓይኒ ምንዛዕ፡ ተምላስ ወይ ውጻኣት የጠቓልል። እዞም ምልክታት ዝበዝሕ ግዜ ብመልከፍትታት እዮም ዝመጹ፡ ኮይኑ ግን ብናይ ኮቪድ-19 መልከፍቲታት ኣይኮኑን ዝመጹ፡ እንተኾነ ግን እንተድኣ እንስሳኹም ዝሓመመ መሲሉ፡

- ን ሓኪም እንስሳ ጸውዑ።
- ንያኦም ካብ ካልኦት እንስሳታት ፍለይዎም።

ዋላ'ውን ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ጥዑይ እንተለኹም፡ ቅድሚ እንስሳኹም ናብ ክሊኒክ ምምጻእኩም ን ሓኪም እንስሳ ተወከሱ፡

## መዘኻኸሪ

ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ን ዝርገሐ ኮቪድ-19 የጉድልን ከምኡ ድማ ንዓኹምን ንካልኦት ኣባላት ስድራኹምን እንከላይ ንእንስሳኹም ይከላኸል። ተራኹም ምስ በጻሐ ተኸተቡ።

እንስሳታት ካልእ መልከፍትታት ናብ ሰባት ከሕልፉ ይኽእሉ እዮም፡ ስለ'ዚ ድማ ክትከታተልዎም ከለኹም ቀጻሊ ኣእዳውኩም ምሕጻብ ዘክሩ ከምኡ ድማ ምስ ኣራዊት ምትንኻፍ ኣወግዱ።





